



# The Return to Work scheme and work injury support ናብ ስራህ ናይ ምምላስ መደብን ሓገዝን

ኣብ ልዕሊ ናይ ደቡብ ኣውስትራልያ ዋኒናትን ሰራሕተኛታቶምን ኣብ ስራሕ ጉድኣታት ምስዝፍጸሙ

ሪተርንቱወርክኤስኤ (ናብ ስራህ ናይ ምምላስ መደብ) ንዖኦም ንምክልኻል፡ ኢንሹራንስ ይቐርብ። ካብቶም ከቢድ ጉድኣት ዝወረዶም፡ ነቶም ብጣዕሚ ከቢድ ጉድኣት ዝወረዶም ሰባት ፍሉይ ሓገዝ ከምዘድልዮም ሪተርንቱወርክኤስኤ ይኣምን፡

## ነቶም ዝተገድኡ ሰባት ዝግበረሎም ሓገዝ ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልለ ይኸውን፡

- ነቲ ዝሰኣንዎ ደሞዝ ንምኽሓስ ክሳብ ክልተ ዓመታት ዝኣክል፡ ናይ እቶት ሓገዝ ይግበረሎም - ብኣጠቓላሊ ካብታ ዝተጎድእዋ መዓልቲ ይጅምር
- ብቑዕን ኣድላዪ ሕክምናን ክንክንን ካብታ ዝተጎድእዋ መዓልቲ፡ ክሳብ ሰለስተ ዓመታት ይግበረሎም
- ናብ ስራህ ናይ ምምላስ ኣገልግሎታት፡ ከም ምምዓብ ስራሕን ዳግመ-ስልጠናን ዝኣመሰሉ ካብታ ዝተጎድእዋ መዓልቲ፡ ክሳብ ሰለስተ ዓመታት ይግበረሎም

## ነቶም ብጣዕሚ ዝተገድኡ ሰባት ዝግበረሎም ሓገዝ ነዞም ዝስዕቡ ዘጠቓልለ ይኸውን፡

- ክሳብ ናብ ጽሮት ዕድመ ዝኣትዉ ናይ እትዋት ሓገዝ ይግበረሎም
- ንዕድሚኦም ሙሉእ፡ ኣድላይን ኣገዳስን ሕክምናን ክንክንን ይግበረሎም
- እንተተሓቲቱ፡ ናብ ስራሕ ምምላስ ኣገልግሎታት ይግበረሎም

ኣብ ስራሕ እንተተጎዲእኩም፡ ካብ ክልተ ሰሙናት ንላዕሊ፡ ካብ ስራሕ ወጻኢ ምስእትኾኑ፡ ወካሊ ሓታቲኹም፡ ንኽትሓውዩን፡ ብዝተኻእለ መጠን ብቑልጡፍ ናብ ስራሕ ንኽትምለሱን ሓገዝ ስለዘድሊ፡ ንዓኹምን ንኣስራሒኹምን ምስ ኣለይቲ፣ ተኸናኸንትን ኣቕረብቲ ኣገልግሎታትን ንኸተሓሕዘኩም፡ ሓደ ናይ ጉዳይ ኣካያዲ (ኣመሓዳሪ)፡ ንክራኸበኩም ናብ ስራሕ ቦታኹም ንኽመጽእ ክልእኽ ክፍትን እዩ። እዚኦም ኣብ ቦታ ስራሕ ናይ ገጽ-ንገጽ ርክብ፡ ድሕሪ ናይ ጉድኣት ሓበሬታ ምሃብ፡ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ይግበሩ።



www.rtwsa.com
13 18 55
Government of South Australia

## What to do if you are injured
## እንተተጎዲእኩም እንታይ ትገብሩ

ኣብ ስራሕ እንተተጎዲእኩም፡ ክትወስድዎ ዝግበኣኩም ብዙሓት ኣገደስቲ ስጉምትታት ኣለዉ።

### 1ይ ስጉምቲ፡ ግቡእ ሕክምና ክትረኽቡ ፈትኑ

### 2ይ ስጉምቲ፡ ንኣስራሒኹም ሓብሩ

እንተተኻኢሉ፡ ሓደጋ ኣብዝተፈጸመሉ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ንኣስራሒኹም ወይ ብጽሑፍ ወይ ድማ ብቓል ከተፍልጡ ኣለኩም። ንስኹም ክትገብርዎ ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም፡ ሓደ ተወካሊ፡ ከም ኣባል ስድራ ወይ ዓርኪ ዝኣመሰለ ንኣስራሒኹም ከፍልጥ ይኽእል።

### 3ይ ስጉምቲ፡ ሓኪም ተራኣዩ

እንታይ ዓይነት ጉድኣት ከምዝወረደኩም፣ እንታይ ዓይነት ሕክምና ከምዘድልየኩም፣ ኣብ ከክንደይን ክሳብ ክንደይን ሕክምና ከምዘድልየኩም ሓዊስካ ንኽውስን፡ ሓኪም ጉድኣትኩም ክምርምር እዩ። ናይ ስራሕ ዕረፍቲ ምስ እትደልዩን (ካሕሳ) ክትሓቱ እንተወሲንኩምን፡ ምስ ሓደ ናይ መሕተቲ ወረቐት ንኣስራሒኹም ወኪል ካሕሳ ክትህብዎ ዝግበኣኩም፡ ናይ ዓቕሚ ስራሕ ወረቐት ምስክር (Work Capacity Certificate)፡ ክቕርቡልኩም እዮም።

### 4ይ ስጉምቲ፡ ካሕሳ ሕተቱ

ዝወረድኩም ጉድኣት ካብ ስራሕ ወጻኢ ኣብ ምዃን እንተኣስዒብልኩም ወይ ሕክምናዊ ወይ ካልእ ወጻኢታት እንተጌርኩም እሞ ኸኣ ንስኹም ካሕሳ ንምሕታት ድልየት እንተልይኩም፡ ነቲ ናይ ካሓሳ መሕተቲ ቅጥዒ ወረቐት(ፎርም) ክትመልኡ ይግበኣኩም።

እንተተኻኢሉ፡ ነቲ ናይ ካሓሳ መሕተቲ ቅጥዒ ወረቐት ምስ ኣስራሒኹም ብሓባር ኮይንኩም ክትመልኡ ይግበኣኩም። እቲ ጉድኣት ዘፍቅድ እንተኾይኑ፡ ኣብ ስራሕ ንኽትጸንሑ ወይ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ናብ ስራሕ ንኽትምለሱ፡ እዚ፡ ኣስራሒ ኽቕርቦ ንዝኽእል ዝኾነ ሓገዝ ንምዝርራብ ዕድል ይህብ። ከምኡውን፡ ነቲ ካሕሳ ንምውሳን፡ ክሕግዙ ዝኽእሉ፡ ትኽክለኛን ኣጠቓላሊ ሓበሬታን ንኽወሃቡ፡ ይቕርብ። ኣስራሕን ሰራሕተኛን ነቲ ወረቐት ብሓባር ክመልኡ ዘይኽእሉ ምስዝኾኑ፡ እቲ ቅጥዒ ወረቐት ብበብበይኖም ክምላእ ይኽእል።

ቅጥዒ ወረቐት፡ ሕቶኹም ንሕክምናዊ ወጻኢታት፣ ንደሞዝ ምስኣን፣ ወይም ንኽልቲኡ ምዃኑ ንምሕባር የኽእለኩም።

ሓደ ቅዳሕ ቅጥዒ ወረቐትን፣ ካብቲ ዝሕክመኩም ሓኪም ንናቶም ሓታቲ ወኪል፡ ንስኹም እትቕበልዎ ናትኩም ወርክ ካፓሲቲ ሰርትፊኬት ዝብል ሓደ ቅዳሕን፡ ኣስራሒኹም ካብታ ካባኹም እተቐበለለን መዓልቲ፡ ኣብ ውሽጢ ሓሙሽተ መዓልትታት ከመሓላልፍ ይግብኦ።

እቲ ወኪል ካሕሳ ብዛዕባ ዝወረደኩም ጉድኣት ኣብ ዝቐልጠፈ ምፍላጡ፡ ንዓኹም ምስ ሕክምና፣ ክንክን፣ ቀልጢፍኩም ንኽትሓውዩ ንኽሕግዘኩም ከራኽበኩም፡ ከምኡውን ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ናብ ስራሕ ንኽትምለሱ፡ ኣብ ዝቐልጠፈ ከዳልውልኩም የኽእሎም። ካሕሳ ንምሕታት ወይ ንስኹም ወይ ድማ ኣስራሒኹም፡ ንናይ ሰራሕተኛታት ወኪላት ካሕሳ ትሓቱ ትኽእሉ።

**Gallagher Bassett Services Pty Ltd**
**GPO Box 1772, Adelaide SA 5001**
**newclaims@gb.rtwsa.com**
**Fax (08) 8177 8451**
**www.gallagherbassett.com.au**
**Phone (08) 8177 8450 or free call 1800 664 079**

**Employers Mutual SA**
**GPO Box 2575, Adelaide SA 5001**
**newclaims@employersmutualsa.com.au**
**Fax (08) 8127 1200**
**www.employersmutual.com.au**
**Phone (08) 8127 1100 or 1300 365 105**

መብዛሕተን ናይ ደቡብ ኣውስትራልያ ዓበይቲ ውልቃውን ህዝባውን ጽላት ውድባት፡ ርእሰ-ኢንሹራንስ ዘለወን፣ ናይ ገዛእ ርእሰን ናይ ሰራሕተኛታት ካሕሳ ዘመሓድራ እየን። ባዕለን ኢንሹራንስ ኣብ ዘለወን ስራሕ ትሰርሑ እንተኾይንኩም እሞ ኸኣ ኣብ ስራሕ እንተተጎዲእኩም፡ ንካሕሳ ብዛዕባ ምሕታት፡ ንኣስራሒኹም ክትዛረቡ ኣለኩም

## Your obligations Sus Obligaciones ናትኩም ግቡኣት

ዝበለጸ ሕውየት ክትገብሩን ናብ ስራሕ ምምላስ ውጽኢት ክህልዎን፡ ካባኹም እንጽበዮ፡

- ናትኩም ናይ ስራሕ መጉዳእቲ ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን (እንተኺኢልኩም ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት) ንኣስራሒኹም ንኸተፍልጡ
- ብዝተኻእለ መጠን ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ካሕሳ ንኽትሓቱ
- ናትኩም ሕውየትን ናብ ስራሕ ምምላስን ንኽሕግዙ ኣብ ዝተወጠኑ ንጥፈታት ብንጥፈት ንኽትሳተፉ
- ናብ ስራሕ ምምላስ መደብ ኣብ ምምዕባል ንኽትሳተፉን ንኽትተሓባበሩን
- ናትኩም ናብ ስራሕ ምምላስ መደብ ኣብ ምጅማር ምስ ዝኾነ ይኹን ጉቡኣት ንኽትሰማምዑ
- ናትኩም ናይ ስራሕ ዓቕምን ካልእ ነቲ ጉዳይ ዝምልከት ሓበሬታታን ዘርኢ፡ እዋናዊ ሕክምናዊ ምስክር ወረቐት ንኽትቕርቡ
- ክትገብሩ ምስእትኽሉ፡ ናብ ዝሰማማዕ ስራሕ ንኽትምለሱ

## Your employer’s obligations ናይ ኣስራሒኹም ግቡኣት

ሕውየት ክትገብሩን ናብ ስራሕ ምምላስ ሓገዝ ንኽግበረልኩምን፡ ካብ ኣስራሒኹም እንጽበዮ ነዘን ዝስዕባ ንኽገብር እዩ፡

- ናትኩም መጉዳእትን ናይ ስራሕ መጉዳእቲ ካሕሳ ሕቶን፡ ኣብ ውሽጢ 5 ናይ ስራሕ መዓልትታት ምልክታ ድሕሪ ምቕባሎም፡ ኣብ ስራሕ ንዝተጎዳእኩሞ ወይ ካሕሳ ናይ ዝሓተትኩሞ፡ ንናታቶም ናይ ካሕሳ ወኪል፡ ከፍልጡ።
- ኣብ ሕውየትን ናብ ስራሕ ምምላስ ንጥፈታት ተሳትፎኹምን ኸሕግዙ
- ናትኩም ናብ ስራሕ ምምላስ መደብ ኣብ ምምዕባል ክሳተፉን ክተሓባበሩን
- ናትኩም ናብ ስራሕ ምምላስ መደብ ኣብ ምጅማር ምስ ዝኾነ ይኹን ጉቡኣት ክሰማምዑ
- ካብ መጉዳእትኹም ሕውየት እናገበርኩም እንከለኹም፡ ብድሕነት ክትሰርሕዎ እትኽእሉ፡ ንዓኹም ዝሰማማዕ ስራሕ ክቕርቡ
- ናብ ስራሕ ክትምለሱ ብቑዓት ምስእትኾኑ፡ ቅድሚ መጉዳእቲ ናብ ዝነበረ ስራሕኩም ክትምለሱ ዘይትኽእሉ እንተኾይንኩም፡ ንዓኹም ዝሰማማዕ ስራሕ ክቕርብልኩም

## Your support team ናትኩም ሓገዝቲ ጉጅለ

ንስኹም መጉዳእትኹም ክሓውን ከምኡውን ናብ ስራሕኩምን ማሕበረ-ኮምኩምን ንኽትምለሱን እዞም ዝስዕቡ ሰባት ንዓኹም ኣብ ምሕጋዝ ክሕወሱ ይኽእሉ ይኾኑ

### ኣካያዲ ጉዳይ

ናትኩም ኣካያዲ ጉዳይ፡ ቀዳማይ እትራኸብዎ እዩን፡ ካብ መጉዳእትኹም ክትሓውዩን ብዝተኻእለ መጠን ድማ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ብደሓን ናብ ስራሕ ንኽትምለሱ፡ ዘድልየኩም ሓገዝን ኣገልግሎታትን ድማ ከወሃህድ እዩ። ንዓኹም ቅልጡፍን፡ ውልቃዊ ሓገዝን፣ ንኣስራሒኹም ድማ ካብ መጉዳእትኹም ክትሓውዩን ብዝተኻእለ መጠን ድማ ኣብ ዝቐልጠፈ እዋን ብደሓን ናብ ስራሕ ንኽትምለሱ፡ ዘድልየኩም ሓገዝን ኣገልግሎታትን ንኽወሃህዱ ይቕርብልኩም።

ካብ ኣርባዕተ ሰሙናት ንላዕሊ ካብ ስራሕ ወጻኢ ክትኮኑ ዘምስል እንተኾይኑ፡ ንዓኹምን ንኣስራሒኹምን ናብ ስራሕ ናይ ምምላስ መደብ ንምምዕባልን ንምትግባርን ድማ ክሕግዘኩም እዩም።

## ሓኪም

ናትኩም ሓኪም መጉዳእትኹም ይምርምሮን ምሳኹም ኮይኑ ድማ፡ እንታይ ዓይነት ሕክምና ከምዘድልየኩም ይውስንን። ናይ ሕክምና ዕላማታት ንምቛም ይሕግዝኹምን ከምኡውን ናትኩም ናይ ሕውየትን ናብ ስራሕ ምምላስን መደብ ንምምዕባል ኣስተዋጽኦ ይገብሩን።

ብዝተኻእለ መጠን ዝበለጸ ውጽኢት ንኽትረኽቡ ንምርግጋጽ፡ ኣብቲ ናይ ሕክምና መደባት ብንጥፈት ምስታፍ ኣገዳሲ እዩ። ሕክምናኹም ከመይ ይኸይድ ከምዘሎ ሓበሬታ ብምቕራብ፡ ንናትኩም ፍሉይ ኩነታት ብጣዕሚ ብዝሰማማዕ ውጽኢት ሓኪምኩም ምእንቲ ከዳሉ፡ ንስኹምውን ክትሕግዙ ትኽእሉ።

## ሕቡራት ጥዕና ኣቕራቢ

ንዝተጎዳእኩሞ፡ ብውልቂ ንኽትኣልዩን ናብ ስራሕኩምን ህይወትኩም ንኽትምለሱን ንምሕጋዝ፡ ሕክምና፣ ምኽርን ሓገዝን ከቕርብ ናብ ዝኽእል ናብ ሕቡራት ጥዕና ኣቕራቢ፡ ሓኪምኩም ከመሓላልፈኩም ይኽእል እዩ።

## ናብ ስራሕ ምምላስ ኣገልግሎት ኣቕራቢ

ናትኩም ኣካያዲ ጉዳይ ፡ ናብ ስራሕ ምምላስ ቁሩባት ክገብርኹም፡ ኣብ ስራሕ ኣብ ምምዳብ፣ ስልጠና ወይም ከም ኦኩፔሽናል ቴራፒስት ወይም ናይ ጭዋዳታት፣ ቃንዛን መጉዳእቲ ሓካይም ናብ ዝኣመሳሰሉ ካልኦት ፍሉያት ኪኢላታት ንኽሕግዝኹም ሓደ ናብ ስራሕ ምምላስ ኣገልግሎት ኣቕራቢ ከዳልወልኩም ይኽእል ይኸውን።

## ናብ ስራሕ ምምላስ ኣወሃሃዲ

ኣስራሒኹም 30 ወይ ካብኡ ንላዕሊ ሰራሕተኛታ ቆጺሩ ዘስርሕ እንተኾይኑ፡ ንኽትሓውዩን ናብ ስራሕኩም ንኽትምለሱን ዝሕግዝ፤ ናብ ስራሕ ምምላስ ኣወሃሃድነት ዝሰልጠነ፡ ክህልዎም ኣለዎም። ናትኩም ኣወሃሃዲ ነዞም ዝስዕቡ ክገብር ይኽእል፡

- ቅጥዒን (ፎርምን) ዝኾነ ካልእ ወረቐትን ንምምላእ ክሕግዘኩም
- ምሳኹምን ምስ ናትኩም ኣካያዲ ጉዳይ ክራኽብ
- ናብ ስራሕ ንኽትጸንሑ ወይ ናብ ስራሕ ንኽትምለሱ ክሕግዘኩም
- ምሳኹም፣ ወኪል ካሕሳን ሕክምና ኣቕረብትን ክራኽብ
- ካብ መሊስካ ጉድኣት ወይ ካብ ተወሳኺ ጉድኣት፡ ዝመጽእ ስቅያት ንኽከላኸለልኩም፡ ስጉምትታት ክወስድ
- ናብ ስራሕ ምምላስ መደባት ኣብ ምድላው ክሕግዝ
- ናትኩም ዓቕምን ናብ ስራሕ ምምላስን ምዕባለ ክከታተል

ኣብ ቦታ ስራሕኩም ኣወሃሃእዲ እንተዘየለ፡ ንናትኩም ኣካያዲ ጉዳይ ተዛረቡ እሞ ንኽሕግዙ እንታይ ክገብሩ ከምዝኽእሉ ረኣዩ።

### ተወሳኺ ሓበሬታ

ሪተርንቱወርክኤስኤን ብጀካ እንግሊዝኛ ብኻልእ ቋንቋ ክትራኽቡ ምስእትደልዩ፡ በጃኻትኩም ንኢንተርፕሬቲንግ ኤንድ ትራንዝሌቲንግ ሴንተር ብቑጽሪ ስልኪ 1800 280 203 ብምድዋል፡ ንዓና ብቑጽሪ ስልኪ 13 18 55 ንኽራኽቡና ሕተትዎም። እዚ ናይ ምስትርጓም ኣገልግሎት ንዓኹም ብነጻ እዩ።